ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ንህብረተሰብ አገልግሎት ዝዉዕሉ ማለት አዉን ምቅራብ መድሓኒት : ሕትመት ምሕታምን : ኣቅሑት ኮምፒተርን ተዛመድትን ክዕድግ ስለዝደለየ ክትወዳደሩ እትደልዩ ንክትጫረቱ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 17, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 27, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 27, 2016 3:45 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎም

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ማለት እዉን ቲን ናምበር ወረቀት ምስክር ከቅርብ ዝክእል

3 ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ዘለዎም

4 ንሕትመትን ኮምፒተርን ተመዝገብቲ ተወሰክቲ እሴት ታክስ ናይ ሕሉፍ ሰለስተ ኣዋርሕ ተወሳኪ እሴት ታክስ ፀብፃብ ዘቕረብሉ ማለት እዉን ዲክላሬሽን ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

5 መክበሪ ጨረታ ስፒኦ ንነብስወከፍ ጨረታ 20000 / ዒስራ ሽሕ / ከትሕዙ ዝክእሉ

6 ሰነድ ጨረታ ንኮምፒተር ፋይናንሻል ትክኒካል ሐደ ዋናን ቅዳሕን ንመድሓኒት ሕትመትን ፋይናንሻል ሐደ ዋናን ቅዳሕን ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ንኡስ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ቢሮ ቁፅሪ 42 ኣብ ስራሕ ሰዓት ምእታዉ ትክእሉ

7 እቲ ጨረታ ካብ 17 ጥሪ 2016 ዓም ጀሚሩ ን 10 መዓልቲ ኣብ አየር ዝፅንሕ እንትከዉን 27 ጥሪ 2016 ዓም ቅድሚ ቀትሪ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:00 ይክፈት

8 ተወዳዳሪ ትካል ብዝተዉሃቦ ዝርዝር መዓቀኒታት ማለት እዉን እስፔስፊኬሽን መሰረት መወዳደሪ ትክክለኛ ዋጋ ከቅርብ ይግባእ

9 ኣብ መወዳደሪ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ማለት እዉነ ቫት ከይሓወሰ ዘቕረበ ተጫራታየ ተወሳኪ አሴት ታክስ ማለተ እዉን ቫት ከምዝሓወሰ ይዉሰድ

10 ተጫራታይ ብዝርዝር መዓቀኒታትማለት እዉን እስፔስፊኬሽን መሰረት ይመልእ እንተሲዒሩ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ዉዕሊ ይኣስር ንብረት ኣታዊ እንትከዉን ብሰብ ሞያ ተረጋጊዑ ስርዓት ርክክብ ዝፍፅም ይከዉን

11 ሰዓራይ ትካል ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ንመድሓኒትን ኮምፒተርን አታዊ ይገብር

12 ሕትመት ኣብ ዉሽጢ 20 መዓልቲ አሓቲሙ የቕርብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ክፍሊ ዕደጋ ቢሮ ቁፅሪ 42 ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ትክእሉ

14 እቲ ቢሮ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኪብዎ ኣብቲ ጨረታ 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይድማ ክንኪ ይክእል እዩ

15 ንመድሓኒት ኣቕረብቲ መረዳእታ ብቅዓት መረጋገፂ ክተቕርቡ አለኩም

16 ኩሎም ስምምዕነት ጨረታና ብስርዓት መምርሒ ዕደጋ ክልልና ኣዋጅ ቁፅሪ 255/ 2007 መምርሒ ዕደጋ 04/2007 ተፈፃሚ ይከዉን

17 እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0344404715

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle